# መርመራ ናይ ኤች ኣይቪ ኣይድስ ንምንታይ ይዐቕመኩም

## ስለምንታይ ኤችኣይቪ ክምርመር ኣሎኒ?

- ኣች ኣይቪ እንተልዩካ ሓኪም ብተኸታታሊ ኣብ ነብሰኻ እንታይ ዓይነት ጉድኣት ናብቲ ናይ ተፈጥራዊ ሕማም ከምዘሎ ክከታተሎ ይኽእል እዩ፡፡ ምስ ምሉእ ጥዕና ንነዊሕ ግዜ ክትካየድን፡ እንታይ ዓይነት ናይ ሕክምና ክንክን ክትወስድ ከምዝድልየካን፡ ሓኪም ክሕግዘካ ይኽእል እዩ፡፡
- ሰበይቲ ጥንስቲ እንተኾይና ወይ ብሕጂ ክትጠንስ ትጽበ እንተኾይና ኣይድስ ናብቲ ዝውለድ ቆልዓ ንኸትሓላለፍ ትሑት ደረጃ ከምዝህልዎ ክትገብር ትኽእል ኣያ፡፡
- ኤይድስ ከምዘሎካ ትፈልጥ እንተኾንካ ንኻልኦት ምሳኻ ናይ ስጋዊ ርክብ ዝፍጽሙ ሰባት ከይተተሓላልፈሎም ክትጥንቀቕ ትኽእል ኢኻ፡፡
- ኤይድስ ከምዘሎካ ትፈልጥ እንተኾንካ ንኹሎም ቅድሚ ሕጂ ናይ ስጋዊ ርክብ ዝምድና ዝነበረካ ወይ ድማ ናይ ድራግ መርፍእ ተካፍሎም ዝነበርካ ሰባት ኩሎም ናይ ኤይድስ መርመራ ክወስዱ ከምዘለዎም ክትሕብሮም ኣገዳሲ እዩ፡፡ ናይ መርመራ ተሓባበርቲ ደቕኻ እውን ክምርመሩ ዘድልዮም እንተኾይኑ ንኽትውስን ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም፡
- ምርዕውቲ ሰበይቲ ወይ ሰብኣይ ሓደሓደ ግዜ ካብ ሓዳሮም ወጻኢ፡ ስጋዊ ርክብ ይፍጽሙ እዮም፡ ሰብኣይ ን ብዓልቲ ቤቱ ሰበይቲ ድማ ንብዓል ቤታ ምስ ካልእ ስጋዊ ርክብ ከይህልዎም ዝዐራዐሩ እንተድኣኾይኖም፡ ኤች ኣይቪ መርመራ ክገብሩ ይግብኦም፡፡
- ካብ ኣመሪካ ወጻኢ ናይ ስኒ ይኹን ናይ ሕክምና ከይዲ እንተፈፂምኩም ካልእ ሰብ ዝተጠቐመሉ ደም ዘለዎ ናይ ሕክምና ኣቑሑት ንምፅራይ ዘይከኣለሉ ኩነታት ከጋጥመኩም ስለዝኽእል ተገልጊልኩም ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም።
- በዚ መገዲ እዚ ጥራይ ኢኻ ድማ ረኽሲ ኤችኣይቪ ከምዘሎካን ከምዘይብልካን ከተረጋግጽ ትኽእል፡፡ ናይ ሓን ጎል ቅሳነት ድማ ይህበካ፡፡

## ኤችኣይቪ እንታይ እዩ?

ኤችኣይቪ ኣይድስ ዝብሃል ሕማም ዘስዕብ ረኽሲ ንድሕነት ኣካላት ሰብ ዘሳ ቒ እዩ፡፡ ግዜ ወሲዱ ኣካላት ኣማህሚኑ ንዝኾነ ዓይነት ሕማም ክጻወር ከምዘይኽእል ይገብር፡፡ ጥዑይ ሰብ ዘይሓሞ ሕማማት ከምኒ ካንሰርን ረኽስን ዘስዕብ ንህይወት ሓደገኛ ዝኾነ ሕማም እዩ፡፡

## ኤችኣይቪ ብኸመይ ካብ ሓደ ሰብ ናብ ሓደ ሰብ ይመሓላለፍ?

ኢችኣይቪ ብብዙሕ መገድታት ክተሓላለፍ ይኽእል

- ስጋዊ ርክብ ብዘይኮንዶም ምስእትፍጽም
- ናይ ድራግ መርፍእ ካብ ሰብ ንሰብ ምትሕልላፍ
- ካብ ኣብ ሕክምና ዝውሃበካ ናይ ደም ምትሕልላፍ
- ካብ ኣብ ሕክምና ዝወሃበካ ናይ ክፍሊ ኣካላት ምልውዋጥ
- መቐስ፡ ናይ ስኒ መቦረሺ መራፍእ፡ ወይድማ ናይ ሰውነት መወቀጢ ዝኾነ ዓይነት ደም ዘለዎ ኣቑሑት
- ኤች ኣይቪ ኤድስ ዘለዋ ወላዲት ኣብ እዋን ሕርሲ ወይድማ ብጡብ ኣመጋግባ ናብ ደቃ ክተማሓልፍ ትኽእል።

## ኣይድስ እንታይ እዩ?

ኣይድስ እቲ ናይ መወዳእታ ደረጃ ናይ ኤችኣይቪ ረኽሲ ስለዝኾነ ኣካላት ዝለዓለ መጉዳእቲ በጺሕዎ ማለት እዩ፡፡

## ኤች ኣይቪ በዚ ዝስዕብ መገድታት ክተሓላለፍ ኣይኽእልን እዩ፡፡

- ናይ ኢድ ሰላምታ ምውህሃብ
- ንሰብ ሓቑፍካ ሰላም ምባል
- ምስዓም
- እትበልዓሉ ብያትን ሽሓንን ሓደ እንተኾይኑ (ናይ ሓባር መብልዒ ኣቑሑት ምጥቃም)
- መግቢ ወይ ካልእ ነገራት ብሕማም ኣይድስ ወይ ኤችኣይቪ ዘለዎም ሰባት ዝተተንከፈ
- ናይ ሽቓቕ ኮፍ መበሊ
- ጣንጡ ነኺሱካ

*እቲ ኤችኣይቪ እኳ እንተሃለወካ ንብዙሕ ዓመታት ምልክታት ሕማሙ ከይተሰምዓካ ክጸንሕ ይኽእል እዩ፡፡*

## ብኸመይ ኣገባባት ኤችኣ ይቪ ከይሕዘካ ትጥንቀቕ?

ምስ ናትኩም ባህሪ ዝዛመድ ካብዞም ዝስዕቡ ክትመርጹ ትኽእሉ ኢኹም፡፡

- ስጋዊ ርክብ ካብ ምፍጻም ምቑጣብ
- ብመቐመጫ ወይ ድማ ብን ቡር ስጋዊ ርክብ ትፍጽሙ እን ተኾንኩም ብለይተክስ ወይ ፖልዩረታን ዝተሰርሐ ኮንም ተዐቐሙ፡፡ እዚ ናይ ኤችኣይቪ፡ ሀ ፐታይተስ ቢ፡ ከምኡውን ካልእ ብስጋዊ ርክብ ዝመሓላለፍ ሕማማት ክከላኸለልኩም ይኽእል እዩ፡፡
- ምስ ሓደ ሰብ ጥራሕ ስጋዊ ርክብ ም ፍፃም፡ እቲ ሰብ ድማ ኤች ኣይቪ ኤ ድስ ዘይብሉ ምኻኑ ምርግጋፅን ም ሳኹም ጥራሕ'ምበር ምስ ካልእ ስጋ ዊ ርክብ ዘይብሉ ክኸውን ምትእምማ ን።
- ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ነፍሰ-ጾር እንተኾይና እሞ ናይ ኤችኣይቪ ረኽሲ እንተኣልዩዋ ናብ ውላዳ ከይተሓላለፍ ክትወስዶ ትኽእል መድሃኒት ኣሎ፡፡
- ናይ ሓሺሽ ስሪንጋን ኣቑሑትን ሓቢርኩም ብፍጹም ዘይምጥቃም፡፡

## ናይ ኤች ኣይቪ መርመራ ኣወንታዊ ኰይኑ እንተተረኺበኸ?

ቅድሚ መርመራ ምውሳድካ ሓኪም እንታይ ከምትጽበ ክነግረካ እዩ። ደም ይወስዱልካ፣ ሓደ-ሓደ ግዜ ውጽኢቱ ብሓደ መዓልቲ ክነግሩኻ ይኽእሉ እዮም፣ መብዝሕትኡ ግዜ ግን ካብ 7-10 መዓልቲ ይወስድ፣ ኣብቲ ቤት ሕክምና ተመሊስካ ድማ ውጽኢት ናይቲ መርመራ ይንገረካ።

ገለ ገለ ሰባት ብሰንኪ ሕማም ኤች ኣይቪን ኣይድስን ብዙሕ ይሓፍሩን ይፈርሑን እዮም። ኩነታቶም ካልእ ሰብ ከይፈልጦ ይሽገሩ፣ እዚ ዘጸግም እንተኾይኑ ብኸመይ መርመራኻ ብስቱር ክግበር ከምዝክእል ክገልጸልካ ንሓኪም ወይ ናይ መርመራ ተሓባባሪ ኣዘራርቦ። መርመራኻን ውጽኢቱን ብዘይካኻን ሓኪምካን ተሓባባርን ካልእ ዝርእዮን ዝፈልጦን ሰብ ከምዘየለ ከረጋግጹልካ እዮም። ተወሳኺ ሓገዝ ዘድሊ እንተኾይኑ ድማ ክረኽቡልካ እዮም።

## ድሕረ መርመራይ ኤችኣይቪ ከምዘለኒ እን ተፈለጥኩኸ?

ነዊሕ ዕድመ ምስ ምሉእ ጥዕና ከተሕልፍ ትኽእለሉ ብዙሕ ኩነታት ኣሎ። እቲ ቀዳማይ ስጉምቲ ንሕማም ኤችኣይቪ ወይ ኣይድስ ኣጸቢቑ ዝፈልጥ ሓኪም ክትረክብ ኣሎካ። ከምዚ ዝኣመሰለ ሓኪም መርመራ ጥዕናኻ ድሕሪ ምግምጋም እንታይ ዓይነት መድሓኒት ብዝበለጸ ክሕግዘካ ከምዝኽእል ክነግረካ ይኽእል።

ኤች ኣይቪ ዘሕዊ መድሓኒት እኳ እንተዘይሃለዎ፣ ንምሉእ ጥዕናን ነዊሕ ዕድመን ከጽንሓካ ዝኽእል ሓደስቲ መድሃኒት ኣሎ።

## እቶም/እተን ቅድሚ ሕጂ ናይ ስጋዊ ርክብ ዝምድና ዝነበረኒ ሰባትከ?

ናይ ኤችኣይቪ መርመራ ናትካ ጥራይ እዩ ዝነግር፣ ብዛዕባ ሰበይትኻ፣ ዓርክኻ ወይ ካልኦት ሰባት ባዕሎም ክሳብ ዝምርመሩ ሓበረታ ክረኽቡ ኣይክእሉን እዮም።

## ኣበይ ከይደ ኤች ኣይቪ ክምርመር ይኽእል?

መርመራ ንሸኻን እቶም ክሊኒክን ጥራይ ዝፈልጥዎ ብስቱር ክኸውን ይኽእል እዩ፣ (ወይ ድማ ዘይስምካ ተጠቒምካ ክትወስዶ ትኽእል ኢኻ፣ ኣብ (206) 296-4649 ደውሉ

ናይ ሃርበርቪው ክልኒክ ስቱር ወይ ድማ ስምካ ስዊጥካ ክትምርመረሉ እትኽእል ኣገልግሎት ብሕሱር ዋጋ ይህብ እዩ።

(206) 744-3590 ደዊልኩም ቆጸራ ክትወስዱ ወይ ድማ ብዘይቆጸራ ክትመጽሉ ትኽእሉ ስዓታት ክትፈልዑ ትኽእሉ ኢኹም። ኣስተርጓሚ ዘድልየካ ኣንተኾይኑ ብዝውሓደ ሓደ መዓልቲ ቅድሚ ቆጸራኻ ኣቐዲምካ ነቲ ክሊኒክ ኣ ፍልጦ።

ካብ ናይ ብሕትኻ ሓኪም እውን እቲ መርመራ ክትወስዶ ትኽእል ኢኻ። ዋጋታት ይፋላለ እዩ።

ንካልእ ሕቶታት ብዛዕባ ኤች.ኣይ.
ቪ. መርመራ ነዚ ዝስዕብ ቁጽሪ ተለፎን
ደውሉ፦
ኤች.ኣይ.ቪ/ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፍ
ሕማም መደብ ክንክን
**(206) 296-4649**

**www.kingcounty.gov/health/hiv**

ኣብ ዋሽንግቶን ስተት ብዙሓት መደብ ናይ ሕክምና ክንክን ክሽፍኑ ዝኽእሉ ኣለው። ብዛዕባ እዚ ነጻ ወይ ትሑት ዋጋ ናይ ክንክን ጥዕና ን ኤች.ኣይ.ቪ ወይ ኣይድስ ዘለዎም ሰባት ክትፈልዑ ትደልዩ እንተኾንኩም ምስ ሓኪምኩም ተዘራረቡ ወይ ድማ ነዚ ዝስዕብ ቁጽሪ ተለፎን ደዊልኩም ተወከሱ።

**ኤ.ች.ኣይ.ቪ/ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፍ ሕማም መደብ ክንክን**

ነዚ መደብ ክንክን ሕክምና እዚ ብቕዓት ንኽህልወኩም፣

- ናይ ኤች.ኣይ.ቪ ወይ ኣይድስ ክህልወኩም ኣለዎ
- ተቐማጦ ዋሽንግቶን ስተት ክትኮኑ ኣለኩም
- ትሑት እትዋት ክህልወኩም ኣለዎ

ንዝያዳ ሓበረታ ኣብ ቁጽሪ (206) 296-4649 ተወከሱ።

Public Health
Seattle & King County

እዚ ሓበረታ እዚ ብኻልእ መልክዕ እውን ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ።

Revised July 2011 - Tigrigna